# ደቀባት-ኤርትራ እንታ’ዩ ትርጉሙ?

መርበብ ሓበሬታ ደቀባት-ኤርትራ ካብ ዝምስረት ኣንሆ ኣስታት 9 ዓመታት ኮይኑ። ኣብቲ ፈለማ እዋን ብወግዒ ዝተዘርግሓትሉ እዋን ድማ: ብክልተ ሸነኻት ካብ ዝተፋላለዩ ተኻታተልቲ: ኣወንታዊን ኣሉታዊን ርእይቶታት ክውሕዙና ጀሚሮም። በቲ ሓደ ሸነኽ ኣዝዩ ዝተባብዕን ቅኑዕን ርእይቶታ መጺኡና። ንኣብነት ካብቶም ብዙሓት ዝተሓጎሱ እንቋዕ እዚ ርኣና: ሽምዓ ይበርህ ስም ይመርሕ! ተዓወቱ! ልቦና ይሃብኩም! ከምቶም ደቀ-ባት ኣቦታትኩምን ኣባሓጎታትኩምን ድማ የማስልኩም! ዝብል ርእይቶታት መጺኡና። ካብቲ ካልእ ሸነኽ ድማ ሓያሎ ሰባት ስንባደ ዝመልኣን: ኣሉታዊን ርእይቶትታት ደጋጊሞም ልኢኾምልና። ንኣብነት “ስለምንታይ ደቀ-ባት ዝብል ስም መሪጽኩም? ካልእ ስም ዲኹም ስኢንኩም? ደቀባት ክትብሉ ከሎኹም: ኣብ ኤርትራ ዘይደቀባት ከምዘለው ትሕብሩ ኣሎኹም ማለትዶ ኣይኮነን? ኣፍትሑላ ካልእ ስም ድኣ ቀይሩላ: እንዳበሉ ብነድሪ ኣጐባቢያምልና።

እቶም ዝምልከተና ኣካየድቲ መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ድማ: ከምዚ’ልና ብሕቶን መልስን መልክዕ ክንገልጸሎም ፈቲና። እቲ ስም መርበብ ሓበሬታ ደቀ-ባት ኤርትራ ኢልና ምጽዋዕናስ እንታዩ እቲ ጸገም ኰይኑ ዝርኣየኩም ዘሎ? ደቂ-ኣኽርያ ወይ ደቂ ኣስማሪኖ: ወይ ደቂ ኣባ-ሻውል: ወይድማ ደቂ-ሓዲሽ-ዓዲ ኢልና ኣንተንሰምዮኽ ምተቐበልኩሞ ዶኑርኩም ወይ ባህዶ ምበለኩም ነይሩ? ኣብ’ቲ ስም ድዩ እቲ ጸገም ወይ ኣብ ትሕዝቶ? ደቀ-ባት ዝብል ስም ምውጻእና ዘሰክፈኩም ተነካኢ ጸገምዶ ኣሎኩም’ዩ? ንሕና እምብኣር እቲ ኣውራ ቀንዲ ዝገደደ ንብሎ: ኣብ’ቲ ሽም ዘይኮነስ ኣብቲ ትሕዝቶ’ዩ። ማለት እቲ ኣብ ደቀ-ባት ዝዝርጋሕ ርእሲ ዓንቀጻትን መግለጺታትን ጥራይ እዩ ወሳኒ። ብሓጺሩ ግን ንሕና <u>መርበብ ሓበሬታ ደቀባት-ኤርትራ</u> ኢልና ክንሰምዮ ከሎና: ዘየዋላውል መሰረታዊን ታሪኻዊን ዝኾነ መንቀሊ ስለዘሎና ኢና። ደቀባት-ኤርትራ ማለት ድማ: ትርጉሙን መግለጺኡን ብግቡእን ብሰፊሑን: እኳድኣ ብኹርዓት ሰጋእ ከይበልና ብኸም’ዚ ዝስዕብ ብሓጺሩ ክንገልጾ ንኽእል ኢና።

ደቂ ቀሽት ደቂ ባሕሪ: ደቂ ዓዲ ደቂ ወረዳ: ደቂ ኣውራጃ ደቂ ሃገር: ዝነብሩሉ መሬትን: ዝሓርሱሉን ዘፍርዩሉን ርስትን: ብሕጊ-እንዳባ ተማእኪሎም ብሓባር ዝዳነይሉ ባይቶን: ዝሕምብሱሉ ባሕርን ፈለጋትን ቀላያትን: ዝጐዩሉ ጐላጉልን ሜዳታትን ሸኻታትን ዝውንኑ: ጭዋ ባህልን ፈሪሃ እግዚኣቢሄር ዘለዎ ቅዱስ ሃይማኖት ዝኣምኑ: ኣብ ኤርትራ ንውሉድ ወለዶ ኣንዳተዋራረሱ ክነብሩ ዝጸንሑ: ዓሌቶምን መበቈሎምን ጅግንነቶምን ቀንዲ መለለያኦም ዝኾኑ: ወለድኦም ኣጸቢቖም ብዝርዝር ዝፈልጡ: ብፍላይ ንዓደቦኦም ብሓፈሻ ንሃገሮም ዘፍቅሩን: ብሓባር ንመሬቶምን ንመንነቶምን ባህሎምን ሃይማኖቶም ክደፍር ዝመጸ: ባዕዳዊ ጸላኢ መኪቶም ዝከላኸሉ: ክብሮምን ልዑላውነቶምን ንጸላእቲ ብገንዘብ ኣሕሊፎም ዘይህቡ: <u>ደቀባት ኤርትራ</u> ይብሃሉ።

ነዚ ትሕዝቶ’ዚ ዘለዎም ኤርትራውያን ደቀባት ዝቃወም ሰብ: ኣቐዲሙ ነብሱን መበቈሉን ክፍትሽ ግድነት እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ: ፍጻሜታት ደቀባት-ኤርትራ ዝፍጽም: ኣብ ኤርትራ ዝነብር ዜጋ: ወደባት ኤርትራ እዩ። ኣብ ኤርትራ ተወሊዱ ዝዓበየ: ወዲ ሓረስታይ ይኹን ወዲ-ጸማቕት ስዋ: ወይ ወዲ ቈናኒት: ወይከኣ ወዲ ሸቃላይ ይኹን ወዲ ጓሳ: ንኤርትራን ህዝባን ዝሓሊ ንወገኑ ኣሕሊፉ ዘይህብ ወደባት ኤርትራ’ዩ። ኤርትራ መበቈል ዘለዎ ዜጋ ኮይኑ ግን: ንኤርትራ ባህላን ሃይማኖታን ደፊሩ: ህዝባ ኣጥምዩን ኣጽኒቱን: መሬታን ባሕራን ኣሕሊፉ ንጓኖት ዝህብ: <u>ከዳዕ ኤርትራዊ</u> ይብሃል’ምበር: ኤርትራዊ-ወደባት ኣይኮንካን ኣይብሃልን’ዩ። ስለ’ዚ ትርጉም ደቀባት ኤርትራ: ብሓጺሩ ከም’ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ’ዩ። ነዚ ኣብ ላዕሊ ተተንቲኑ ዘሎ መብርሂ: ተቓዊሙ መተካእታ ከቕርብ ዝደሊ ሰብ ኣንተድኣ ኣልዩ ግን: ጽሑፉቱ ኣብ ድላዩ እዋን ንመርበብ ሓበሬታ ደቀባት ክልእከልና: ሓንጐፋ ኢልና ንቕበሎን: ንኣንበብቲ ድማ ንዝርግሖን።

መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ
22 መጋቢት 2009 ዓ.ም.